# ሌላ - መሰረታውያን ሕግታት ምስ ህዝቢ

ኑቶም ንትግባረ ድሉዋት ኮይኖም ዘለዉ መሰረታውያን ሕግታት፡ ምስ ህዝቢ ንምልላይ፡ ከምኡ'ውን ኣፍልጦ ህዝቢ ኣብ ሕጊ ናይ ምዕባይ መደባት፡ ሚኒስትሪ ፍትሒ ንዘጀምሮ ዘሎ ኣስተምህሮ ብዝምልከት፡ ሚኒስተር ፍትሒ ፎውዝያ ሃሽም ዝሃበቶ መብርሂ - እነሆ፦

**ሕቶ ዝኸበርኪ ሚኒስተር፡ ብቐጥታ ናብቲ ዝርዝራት ቅድሚ ምእታውና፡ ናይ'ቲ እነልዕሎ ዛዕባታት ድሕረ ባይታዶ ከተትሕዝና።**

- ቅድሚ ሕጂ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ክግለጽ ከም ዝጸንሐ፡ ዕላማን ንጥፈታትን ሚኒስትሪ ፍትሒ ምስቲ ብደረጃ ሃገር ሒዝና ንሰርሓሉ ዘለና ናይ ለውጢን ዕበየትን መደባት ዝሳነን ምስኡ ኣተሓሒዝና ክንርድኦ ዘለናን ኢዩ። ሚኒስትሪ ፍትሒ ክሰርሓሉ ዝጸንሐ መደብ ርሑው፡ ብቑዕን ስሉጥን ኣገልግሎት ሕጊ ምርግጋጽ ኢዩ። ርሑውነት ኣገልግሎት ልዕሊ ኩሉ ጆኦግራፍያዊ ዝርግሐ ምህላው ማለት ኢዩ። ህዝቢ ኣኣብ ከባቢኡ፡ ኣብ ዝተወሰነ ርሕቀት ፍትሒ ዝረኽበሉ ትካላት ምውዳድ። ብርሕቀት ቦታ ካብ መሰሉ ዝተርፍ፡ ኣብ ከባቢኡ ናይ ሕጊ ትካላት ስለ ዘይረኸበ ተበዲሉ ትም ኢሉ ዝተርፍ ዜጋ ንኸይህሉ ርሕውነት ንምርግጋጽ ክንሰርሕ ጸኒሕናን ኣለናን። ብኻልኣይ ደረጃ ዝጥመት ዕላማ ርሑውነት ድማ ዋጋ ኣገልግሎት ኣብ ግምት ዝኣተወ ኢዩ። ህዝቢ ካብ ዘይተደልየ ወጻኢታት ንምድሓን ኢኻ ኣብ ከባቢኡ ከም ዝግልገል ትገብር። ኣብ ከባቢኡ ትካላት ምስ ኣዋደድካ ድማ ምስ ዓቕሙ ዝዓረግ ክፍሊት ጥራይ ብምኽፋል ኣገልግሎት ከም ዝረክብ ምግባር ኣካል ርሑውነት ኢዩ።

ርሑውነት፡ ብስሉጥነት እንተ ዘይተሰኒዩ ትርጉም ስለዘይህልዎ ድማ፡ ዘይተደልየ ግዜን ንዋትን ካብ ምብኻን ዘድሕን፡ ፍትሒ ኣብ ሰዓቱን ግዜኡን ክሕሎን ክኸበርን ዘኽእል ኣሰራርሓ ምትእትታው ድማ ወሳኒ ኢዩ። እንኮ ኣገልግሎት ርሑውን ስሉጥን ኮይኑ ብቑዕ ምስ ዘይከውን ኣብ መውዳእታ እቲ ዕላማ ስለዘይውቃዕ፡ ተልእኾ ሚኒስትሪ ፍትሒ ምሉእ ንምግባሩ ብቕዓት ወሳኒ ኢዩ። እዚ ብቕዓት እዚ ምርግጋጽ ድማ ብቑዕ ትካላትን ንዓኡ ዘሰርሕ ብቑዕ ዓቕሚ ሰብን ምድላው ማለት ኢዩ። ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ክግለጽ ዝጸንሐ ድማ ነዚ ንምርግጋጽ ኢና ክንሰርሕ ጸኒሕና።

እዚ ኩሉ ክበሃል ዝጸንሐ ርሑውነት፡ ስሉጥነትን ብቕዓትን ኣብ ሓደ መሰረታዊ ነጥቢ ኢዩ ዝምርኮስ - ኣብ ህላወ ናይ ዝተኣማምን ሕግታት። ስለ ዝኾነ ድማ፡ ናትና እንብሎ ንዓና ዝመስል ሕግታት ኣብ ምድላው ሰሕግታት ምስ ህዝብን ትካላትን ኣብ ምልላይ ከኣ ንርከብ።

**ሕቶ፡ እዚ ሕግታት እዚ ንትግባረ ድሉው ከምዘሎ ካብ ዝፍለጥ ግዜ ኣይወሰደን ዶ?**

- ኣብ ዝኾነ ናይ ህንጻት መስርሕ፡ መሰረት ምንጻፍ እቲ ዝኸበደን ግዜ ዝወሰደን ኢዩ። ህንጻታት ንላዕሊ ክወጹ እንተኾይኖም ፈለማ ንታሕቲ ኢኻ ትኹዕት። ዝበረኸ ህንጻ ድማ ዝዓሞቐ መሰረት ይሓትት። መሰረትን ኣብ ምህናጹ ዝተሓልፈ ጻዕርን ተራኣዪ ኣይኮነን፡ ሰብ ብጉህሪኡ ኣብቲ ልዕሊ መሬት ዝርአ ኢዩ ዘተኩር። መሰረት ኣብ ምንጻፍ ዝኣክል ግዜ ምስ ትወስድ እቲ ቐጺሉ ዝስዕብ ስራሕ ኣተኣማሚኒ ይኸውን። "ግዜ ወሲዱ" ወይ "ጠኒኑ" ዝበሃል ኣድካ ኣጥሚርካ ካብ ስራሕ ምስ ትጥኩር ኢዩ። ብወገንና ንመስርሕ ትግባረ ኣተኣማሚኒ ኣብ ዝኾነ ንጥፈታት ተጸሚድና ንሰርሕ ኣለና። እዚ መስርሕ'ዚ ኣብ ሰለስተ መድረኻት ክፋፈልካ ዝረአ ኢዩ። እቲ ናይ ምድላዉ ዕማም ምስ ተዛዘመ፡ ፈለማ እተን ኣውሓስትን ኣኽበርትን ሕግን ጸጥታን ዝኾና ትካላት ኑቲ ሕጊ ክፈልጥኦ ነይሩወን። በዚ መሰረት ድማ እቲ ቀዳማይ መድረኽ ኑቲ ሓድሽ ሕጊ ኣብ ትካላት ምውራዱ ኢዩ ነይሩ። ትካላት ትሕዝቶ እቶም ሕግታት ተላሊየን፡ ዘሰክመን ሓላፍነት ፈሊጠን፡ ደረት ስልጣነን ተረዲአን፡ ንምትግባሩ ዝግባእ ምድላዋት ክገብራ ኣለወን። ትካላት ምስ ትሕዝቶ እቲ ሕጊ ዝዳረግ ምድላዋት ከይገበራ ናብ ትግባረ ምኻድ፡ ቀደም ተኾተል ዘይምሕላው ኢዩ ዘስዕብ።

ብድሕሪ'ዚ ዝመጽእ፡ ኑቲ ተጋልጋሊ ዝኾነ ዜጋ ምስቲ ሕጊ ምልላይ ኢዩ። እዚ ድማ ሕጂ ንሰርሓሉ ዘለና መድረኽ ኢዩ። ህዝቢ ንትሕዝቶ ሕጊ ተረዲኡ፡ መሰላቱን ግቡኣቱን ፈልዩ ምስ ዝፈልጥ ኑቲ ናይ ትግባረ ስራሕ ኣዝዩ ኢዩ ዘቕልል። ከምዚ ኣብ ምስላ ዓረብ ዘሎ "ፈሃም ኣ-ሱኣል ኑሱፍ ኣል-ኢጃባ" (ንሕቶ ምርዳእ ፍርቂ መልሲ ምፍላጥ ኢዩ)። ዜጋታት ሕጋዊ መሰል-ግዴታኦም ምስ ዝፈልጡ'ዮ እቲ ኩሉ ጻዕርታት ትርጉም ዝህልዎ። ዜጋታት ካብቲ ክፈልጥዎ ዝደልዩ ክሳብቲ ክፈልጥዎ ዝግባእ ምስትምሃር ወሳኒ ኢዩ። ኣፍልጦ ዘይምህላው፡ ፍትሒ ናይ ምድንጓይን በደል



ናይ ምትብባዕን ኣሉታዊ ተራ ኢዩ ዘለዎ። ስለዚ ድማ ኣፍልጦ ህዝቢ ኣብ ሕጊ ክብ ምባል ንሰርሓሉ ኣለና።

ካብዚ ቀጺልካ'ዩ እምበኣር፡ ትካላት ፈሊጠን ብኡ መሰረት ምድላዋተን ኣጽፊፈን፡ ህዝቢ ድማ ተረዲኡ ብግቡእ ክጥቀመሉ ኣብ ዝኽእለሉ በጺሕና ኣብ ዝበልናሉ ናብ ምእዋጅ ዝኸይድ። ከምዚ ዝበለ ድልዱል መሰረት ኣብ ምውዳድ ዝሓለፍ ግዜ ከም ብኩራት ክረአ ዝኽእል ኣይኮነን። እቲ ግዜ ወሲዱ ዝብል ሕቶ ካብ ሰናይ ድልየት ዝነቅል ምዃኑ ይርድኣና'ኳ እንተኾነ፡ ህድእ ኢልካ ዝግባእ ግዜ ድልዱል መሰረት ኣብ ምንጻፍ ምስ ሓለፈ፡ እናሓደረ ኣዕጋቢ ውጽኢት ከም ዝህልዎ ኣይንጠራጠርን።

**ሕቶ፡ ኣፍልጦ ህዝቢ ክብ ምባል ጽቡቕ ኢዩ። እንተኾነ ግን፡ ህዝቢ ንትሕዝቶ ሕጊ ክፈልጥ ግድን ድዩ? ትሕዝቶ ሕጊ መሚኻ ምፍላጥ ናይ ዝምልከቶም ሰብ ሞያ ዶ ኣይኮነን?**

- ኣገዳሲት ሕቶ ኢያ። ኣፍልጦ ህዝቢ ክብ ምባል ክንብል ከለና እንታይ ማለትና ምዃኑ ምብራህ የድሊ። ልክዕ ኢዩ ንፍስ-ወከፍ ዜጋ ትሕዝቶ ሕጊ ብዓኒቕጹ ምፍላጥ ኣየገድሶን ይኸውን። ከምኡ ምግባር ንሰብ ሞያ ዝግደፍ ኢዩ። ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ኣብ ሕጊ ምዕባይ ክንብል ከለና ግን፡ መሰረታዊ መትከላት ሕግና እንታይ ምዃኑ ምልላይ ማለት ኢዩ። ሕግታትና ኣብ ከመይ ዝበለ እምነቶ ዝተሃንጹ ምዃኖም ነፍስ-ወከፍ ዜጋ ክርድኦ የድሊ። ህዝቢ መንፈስ ናይዚ ሕግታት እዚ እንታይ ኢዩ ክይተረድኦ፡ ዘይተመለሰ ሕቶታት እናሃለዎ ናብ ትግባረ ምስጋር ዘይተደልየ ኮለል ምዕዳም ኢዩ።

እዚ ኣፍልጦ ናይ ምብራኽ መደብ፡ 'ሕጊ ከምዚ ይእዝዝ ከምዚ ከኣ የተባብዕ' ዝብል መብእታዊ ጉዳይ ጌርካ ዝወሰድ ኣይኮነን። ምስቲ ኮማት ናይ ምሕያል (empowerment) መደብ ዝኸይድ ኢዩ። ዜጋታት ሕጋዊ መሰል-ግዴታኦም ዝርድኡን ኑተን ክገልግላኦም ዝቖማ ትካላት ዘማእዝኡን ንምግባሮም ዘኽእል ዓቢ ስራሕ ኢዩ። ሕጊ ምፍላጥ ንሰብ ሞያ ኢዩ ዝምልከት ኢልካ ተጎታቲ ምዃን ዘይኮነስ፡ ምስቶም ሰብ ሞያን ምስተን ትካላትን ዝህልወካ ዝምድና ብግቡእ ንምርዳእ ዝዓለመ ኢዩ እቲ ኣፍልጦ ክብ ናይ ምባል መደብ።

ልዕልና ሕጊ ምርግጋጽ ማለት፡ ኣገደስቲ ዓናቕጽ ኣብ ወረቐት ኣሰፊርካ ኣለኻ፡ ንናይ ሕጊ ሰብ ሞያ ጥራይ ገዲፍካዮ፡ ኣብያተ ፍርዲ ቀይመናሉ ስለዘለዋ፡ ዕማምካ ዛዚምካ ማለት ኣይኮነን። ልዕልና ሕጊ ማለት ብቐንዱ ልዕልና ናይቶም ዋናታት እቲ ሕጊ ዝኾኑ ዜጋታት ምርግጋጽ ማለት ኢዩ። እዚ ድማ በቲ "ዋንነት" ኢዩ ዝጀምር። ንዋናታቱ ዘይመስል ሕጊ፡ እቲ ዝግልገሉሉ ዜጋ ኣዕሚቑ ተረዲኡ ምስ መንነቱ ዘይወሃሃድ ሕጊ፡ ኣብ መወዳእታኡ ገዳድን ግዝኡን ደኣ'ምበር፡ ኣሳናይን ኣዕባይን ክኸውን ኣይክእልን። ሒዝናዮ ዘለና ዕላማ ድማ ሕጊ ንሰላምን ዕበየትን ዝበል ኢዩ።

**ሕቶ፡ ሕጊ ንሰላምን ዕበየትን፡ ብልክዕ እንታይ ማለት ኢዩ?**

- ዕበየት ብዙሕ መብርሂታት ዘድልዮ ኣይመስለንን። ከም ሕብረተሰብ ክንለወጥ፡ ከም ሃገር ክንዓቢ፡ ክንሰልጥን፡ ክንምዕብል ዘኽእል ክኸውን ኣለዎ ኣብ ዝበል እምንቶ ኢዩ ተሃኒጹ እዚ ሕግታት። እቲ ሰላም ድማ፡ ግጭት ምውጋድ፡ ወሀደት ምርግጋጽ ማለት ኢዩ። ዜጋታት ከንድ'ቲ ብዘሖም መድረኻዊ ዝኾነ ውልቃዊ ናይ ረብሓ ፍልልያት ኣለዎም። ናይ ደርብታት ፍልልይ ኣሎ። ናይ ቀዲ ናብራ ፍልልይ ኣሎ፡ ባህላውን ማሕበራውን ተባሂሉ ክግለጽ ዝኽእል ፍልልያት ኣሎ። እቲ ከም ሕብረተሰብ ክንዓቢ ዘለና ባህጊ ተግባራዊ ክኸውን ምእንቲ ድማ ነዞም ፍልልያት እዚኦቶም ኣጸቢቡ መንገኛ ዝኸውን፡ ዘተዓርቕ፡ ዘቀራርብ፡ ዘሰምርን ዘሳንን ስርዓት ሕጊ ኢዩ ዘድሊ። ንርኹብ ንሰኡን ንከተመኛ ንተቐማጢ ገጠር፡ ንተባዕታይ ንኣንስታይ፡ ንጓሳ ንሓረስታይ ንነጋዳይ፡ ንምሁር ንዘይተማህረ . . . ዘሳኒ። ከም ዜጋታት ማዕርነትና ኣብ ቅድሚ ሕጊ ዘረጋግጽ ሕግን ስርዓትን ማለትና ኢዩ። እዚ ረዚን ተልእኾ'ዚ ድማ ኣብ ወረቐት ስለ ዘሰፈርናዮ ጥራይ ዕማመይ ዛዚመ እትብለሉ ኣይኮነን። እቲ ናይ ኣስተምህሮን ኀሰኣሰን መደብና እምበኣር፡ ሕጊ ንሰላትን ዕበየትን ኣብ ዝበል ዕላማ ዝሓዘና'ዩ ዚ ንምብቃዕ ዝሕግዝ ቀዳማይ ስጉምቲ ንምውሳድ ስለዝተደልየ ኢዩ።

**ሕቶ፡ እዚ ኣስተምህሮታት እዚ ብኸመይ ኢዩ ክካየድ? ክንደይ ዝኣክል ግዜ ኸ?**

- ድሮ ክሰርሓሉ ጸኒሑ'ሎ። ከምቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስክዎ እቲ ሕግታት ኣብ ትካላት ወሪዱ ተዘቲዩሉ። ኣብ ዞባታት ሰሚናራት ተገይሩ። ሕጂ ድማ ንመላእ ህዝቢ ብመልክዕ ሲቪካዊ ኣስተምህሮ ብመራኸቢ ብዙሓን ሰፊሕ መደባት ናይ ምፍናው መደብ ኣውጺእና'ለና። ምስ ዜና ብዝተገብረ ምርድዳእ መሰረት ድማ ካብዚ እንኣትዎ ዘለና ወርሒ ሕዳር ጀሚሩ ንሓደ ዓመት ዝቕጽል መደብ ተታሒዙ ኣሎ። ኣብ ጋዜጣ፡ ሰሙናዊ ብሰለተ ቋንቋታት ማለት ዓረብ፡ ትግርኛን ትግረን ክኸውን ኢዩ። ኣብ ሬድዮ ብኹለን ቋንቋታት ሃገርና ሰሙናዊ ክፍና ኢዩ። ኣብ ተለቪዥን ድማ ሰብ ሞያ ሕጊ ቡበኣዋኑ እናቐረቡ፡ መብርሂ ኣብ ዘድልዮም ጉዳያት ሓበራዊ መረዳእታ ኣብ ምፍጣር ክሰርሑ ኢዮም። በዚ ኣጋጣሚ፡ ኣንበብትን ሰማዕትን ብግቡእ ተኸታቲሎም፡ ሃናጺ ርእይቶታት ከካፍሉ ንዕድም። ንሚኒስትሪ ዜና ድማ ነዚ መደብ'ዚ ክውን ኣብ ምግባር ብዝተጻወቶ ግደ ነመስግን።

***

